# ኪዳን

ዕላዊ ልሳን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ክልተ ወርሓዊ ዝሕተም መጽሄት

ቁ፣ 01- 6ይ ዓመት- ለካቲት 2015



ተጋ. ጀማል ሳልሕ፣ (ስርዓት ህግደፍ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ዓሚቕ ቅልውላውን ተሰሩ ምቕራጽን ናይ ምንቁልቋል ኩነታትን እዩ ዝርከብ ዘሎ።)



ተጋ. ሑሴን ከሊፋ፣ ( ኩሉ ደላዪ ለውጢ ንምዕዋት 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ክረባረብ ኣለዎ።) ።





## ኪዳን ማለት፡

ኣብ ኤርትራዊ ማሕብረ-ሰብ ኣዝዩ ዝውቱር፡ ንሕልናዊ መብጽዓ ዝገልጽ ቢሂል'ዩ። እዚ መብጽዓ'ዚ፣ ዘይበልን ዘይሃስስን......ማሕላ'ዩ። እዛ ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን እትዳሎ መጽሔት ድማ፡ ነዚ ኣብ ማሕብረ-ሰብና ዓሚቕ ትርጉም ዘለዎ ብሂል ከም መለለዩኣ መሪጻ፡ ብመንፈሱን ትሕዝቶኡን ሪዒማ፡ ኣብ መስርሕ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ከም'ቶም ካልኦት ሃገራውያን ብጺሒታ ክትፍጽም፡ ንድርዕታት ሃገራውን ህዝባውን ጾር ክትስከም፡ ሕልናዊ መብጽዓ ኣትያ፡ ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምውሓስ፡ ዕላዊ መጽሔት ጽላልና ኮይና "ቃል-ኪዳን" ኣትያ'ላ!!

### ትሕዝቶ

- **ርእሰ-ዓንቀጽ፡**
  ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ብምውጋድ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ነረጋግጽ፡
- **ፈጻሜታት፡**
  ኣዲስ ኣበባ- ኣውስትራልያ፡
- **ቃለ መሕተት፡**
  ተጋዳላይ ጀማል ሳልሕ ኣቦ መንበር ኤ.ዲ.ኪ፡
- **ዓምዲ ኣንበብቲ፡**
  1. ካብ ብሕቡእ ሕሜታ ርእይቶ ብጋህዲ፡
  2. ንገለ ብሕጊ ነቲ ካልእ ብሕልና ዘሕትት ከይክውን?
- **ዓምዲ ሰነ-ጥበብ፡**
  ግጥሚ፡ እምቢ ንምልኪ!!
- **ሓፈሻዊ መትከላት ኤ.ዲ.ኪ**

E-mail:- webmaster@erit-alliance.com

## ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ብምውጋድ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ነረጋግጽ !




ህዝብና ኣብ ትሕቲ ስማዊ ሃገራዊ ነጻነት ብሕሱም ምልክን ጭቆናን ናይ ስርዓት ህግደፍ ከሕልፎ ዝጸንሐን ዘሎን፡ ኩሉ መዳያዊ ሓሳረ-መከራ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን።ኣሕጺርካ ንምጥቃስ ዝኣክል ግን፡ ህዝብና ከም ህዝቢ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ተሓሪሙ፡ ኣብ ኤኮኖምያዊ መዳይ ኣልሚዑ ከይጥቀም፡ንልምዓት ዝሕግዝ ፖለቲካዊ ሰላማዊ ኩነታትን ናይ ልምዓት እስትራተጅን በዂሩን ዕድል ስኢኑን፣ ብስእነት፡ ድኽነትን ዝተፈላለዩ ሕማማትን ይሳቐ ኣሎ። ፍትሕን ርትዕን ረኺቡ ርሁው ሂወት ከይመርሕ: ብፈላላዪ ሜላ ምሕደራን፡ ዝተፈላለዩ መልክዓት ብልሽውና መሓውራት ናይቲ ኣዕናዊ ስርዓት እናተሳቐየ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ናይ ከበባን ጭቆናን ስእነትን ስደትን ኩነታት ይርከብ ኣሎ።

ኣፍራዪ ሓይሊ ሰቡ፡ መንእሰያትን ብዕድመ ዝደፍኡ ሽማግለታትን በብዓቕሞም ስድራቤታት ኣብ ምሕጋዝ፡ ምምራሕን ምምሕዳርን ተረኣምን ሓላፍነቶምን ከይጻወቱ፡ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ሃገራዊ ልምዓትን ዝተመኽነየ ኣዕናዊ መደባት ናይቲ ጨቋኒ ጉጅለ፡ ናብ ዘበናዊ ጊሎት ተለዊጦም፡ ኣገልገልቲ ናይቶም መንግስታዊ ስልጣን ብሓይሊ ዝጨበጡ ሰበ ስልጣናትን መራሕቲ ናይ ዝተፈላለዩ መንግስታዊ መሓውራቶምን ኮይኖም፡ ናይ ግዜ ገደብን ክፍሊት ዋጋ ጻዕርን ብዘይብሉ ይብዝበዙ ኣለዉ። ከም ውጽኢት ናይዚ ተርእዮ'ዚ ድማ ኤርትራውያን ስድራ-ቤታት  ክጽገማን ክፈርሳን ይግደዳ ኣለዋ፣ዋሕዚ ስደት ድማ ኣብ ታሪኽ ህዝብና ተራእዩ ብዘይፈልጥ ማዕበሉ በሪኹ ብኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት ይቕጽል ኣሎ።

እዚ ኣብ ህዝብና ዝረኤ ዘሎ ፖለቲካዊ ጭቆና፡ ቁጠባዊ ምዝመዛን ድኽነትን፡ ምምሕዳራዊ ኣድልዎን፡ ማሕበራዊ ጸገማትን ዓጸቦን ወ.ዘ.ተ ዝፈጠሮ ኣሉታዊ ኣንፈቱን ናበይ ከምርሕን እንታይ ከስዕብን ይኽእል? ዝብል ግዜ ዘይህብ ሕቶ ኣልዒልና ምስ እንመዝን፡ ናይ ህዝብናን ሃገርናን ህልውናን፡ ብሓድነት ቀሲኑ ናይ ምቕጻል ዕድል ዘጽብበን ዝፈታትንን እዩ። ምስቲ ኣብቲ ጨቋኒ መንግስቲ ዝረኤ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ናይ ምድኻምን ውድቀትን ምልክታትን፡ ተለኻኺምካ ናይ ምጥፋእ ብሕታዊ ኣሉታዊ ምርጭኡን ተደሚሩ ክምዘን ከሎ፡ ብቃልሲ መግትኢ ክንገብረሉ እንተዘይበቒዕና፡ ንድለዮ ኣይንድለዮ፡ ሃገርና ናብ ዝፈሸለት ሃገር ክትሳጣሕ ከም እትኽእል ዘምላኽት'ዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ህዝብናን ሃገርናን ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ ከጋጥሞም ከም ዝኽእል ምግማት'ውን ዘጸግም ኣይኮነን።

ስለ ዝኾነ ኣብዚ ግዜ'ዚ ከነልዕሎ ዘለና ህጹጽ ሕቶ፡ ህዝብናን ሃገርናን በዚ ዝኸድዎ ዘለዉ ኩሉ መዳያዊ ጽጉምን ሓደገኛን ኩነታት እንተቐጺሎም እንታይ ክገጥሞም ይኽእል? ዝብል ሕቶ ዘይኮነስ፡ ነዚ ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ዝረኤ ዘሎ ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ኣሰካፊ ምልክትን ኣንፈትን ብከመይ ንቃለሶን ዓጺፍና ናብ መንገዲ ራህዋ፡ ድሕነትን ውሑስ ቀጻልነትን ናይ ግዝብናን ሃገርናን ንምቕንዑ ንሰርሕ ዝብል ናይ ህዝብን ሃገርን ሓልዮትን ተቐርቋርትን ማእከል ዝገበረ ሕቶ ብምልዓል ንቃለስ እዩ። ነዚ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ቅዱስ ዕላማ ግብራዊ ምግባር ዝካኣል ድማ፡ ኩሉ ብጉዳይ ህዝቡን ሃገሩን ዝግደስን ዝቖርቆርን ተቓላሳይ፣ ጠንቂ ናይዚ ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ዝረኤ ዘሎ ኩሉ-መዳዊ ሕሰመ-መከራን ሓደግኡን፡ ኣሰካፊ ኣሉታዊ ኣንፈቱን፡ መንግስቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ምዃኑ፡ንዕኡ ብምውጋድ ናይ ህዝብናን ሃገርናን ኩሉ መዳያዊ ጸገማትን ዘንጸላልዎም ዘሎ ኣሉታዊ ኣንፈትን ብቃልሲ ክውገድ ከም ዝካኣል ብምእማን፡ በብዝዓቕሙ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ግቡእን ተርኡን ክጻወት ምስ ዝበቅዕ እዩ።

ስለ ዝኾነ ኣብ መስርዕ ደምበ ተቓውሞና ብምዕሳል ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ምቅላስ ዝርከብ ዘሎ ሓይልታትና ዓቕሙን ትሕዝትኡን ኣወሃሂዱ፡ ኣዋዲዱን ተኣማሚኑን ተደጋጊፉን ክቃለስ መተካእታ ዘይብሉ ናይ ቃልሲ መማረጺ እዩ ዝኸውን ዘሎ። ስለ ዝኾነ ዝተወሃሃደ ዓቕሚ ወኒንና ክንቃለስ ክንክእል ድማ፡ ነፍስ ወከፍ ተቓላሳይ ናይ ነፍስ-ወከፍ ሓይሊ ፍሉይ ናይ ርሑቕ እምነት /ዕላማ/ እንታይ እዩ ብዘየገድስ፡ ብደሞ/ዊ ኣገባብ ክመሓደርን ክስራሓሉን እናተገብረ፡ በቲ ንጸረ ሰላምን ደሞክራስን መንግስቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ከም ስርዓት ንምውጋድ ዘኽእል ሓበራዊ ዕላማ፡ እምነትን ስምምዕን ማእከል ገይሩ ክቃለስን ግብኡ ከበርክትን ከም ዘለዎ ብእምነትን ተግባርን ክንሰርሓሉ ይግባእ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ሓይሊ /ውድብ/፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ከይተረጋገጸ ዝዕወት ዕላማ ይኹን ዝጭበጥ ፖለቲካዊ ስልጣን ከም ዘየለ ፈሊጡ፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ንምርግጋጽ ቀዳምነት ሂቡ ክቃለስ፡ ካብ ናይ ውልቃውን ጉጅላውን ዕማማትን ጠቕምን ምቕዳም ክድሕንን፡ ጉድለታት ናይ ደምበ ተቓውሞና ኣብ ምእራም ኣወንታዊ ተርኡ ክጻወትን ይህልዎ። ምኽንያቱ ናይ ህዝብናን ሃገርናን ኩሉ-መዳያዊ ሕሰምን ጸገማትን፡ ናይ ምንቁልቋል ኣንፈትን ብዝያዳ ክረኣን፣ ከሎ ገና መግትኢ ክስእንን ኣብ ምግጋር፡ ናይ ተቓወማይ ሓይልታትና ድኻማትን ጸገማትን፡ ዘይምውህሃድን ብወድዕነቱ ነዳዲ ብምውሳኽ፡ ዕድመ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ምልቃብ ርኡይ ዕድል የበርክት ስለ ዘሎ። ስለ ዝኾነ እምበኣር፡ ድኽመታትናን ጸገማትናን ንብፍታሕ እናተቓለስና፡ ኩሉ ተቓዋማይ ሃገራዊ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ኣብ ልዕሊ ናይ ሓባር ጸላኢና ክዓርፍ ዘለዎ ናይ ቃልሲ ውቅዒት ኣሐይልና ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብምውጋድ፡ ድሕነት ህዝብናን ሃገርናን እነረጋግጸሉ እዋንን ዕድልን ሕጂ ስለ ዝኾነ ተወሃሂድናን ተኣማሚናን ንቃለስ!።

# ፍጻሜታት



ተጋዳላይ ጀማል ሳልሕ ኣቦ መንበር ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ተጋዳላይ ሑሴን ኸሊፋ ኣቦ-መንበር ማእከላይ መሪሕነት ኤዲኪ ብምኽን ብዕለት 01 ጥሪ 2015 ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት ኣዲስ ኣበባ ንዝርከቡ ካድራት ንህልዊ ኩነታት ኤርትራን፡ ውጹኢት ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጥን መጻኢ መደባት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳንን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።



ካድራት ብወገኖም ሕቶን ርእይቶን ብምቕራብ ኣብቲ ኣኼባ ውዕውዕ ተሳትፈኦም ድሕሪ ምርግጋጽ መደባት ኪዳን ንምዕዋት ኒሕን ሓቦን ሰኒቖም ኣበርቲዖም ከይሰልከዩ ከምዝሰርሑ ደጊሞም ቃል ኣቲዮም። ከምኡ'ውን ብዝተዋህቦም ሓፈሻዊ መብርሂን መልስን ንሕተታቶምን ከምዝዓገቡ ድሕሪ ምግላጽ ድማ ንመሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ኣመስጊኖም።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ዓመት 2015 ዓመተ ራህዋን ሰላምን ከምኡ እውን ናይ ለውጢ ዘመን ክኾነሎም ብምትምናይ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብመሰረት ኣዳላዊት ኮሚቴ በዓል መበል 40 ዓመት ልደት ህወሓት 11 ለካቲት ብዝተገብረሉ ዕድመ መሰረት ኣብ ዋዜማ ብዕለት 17 ለካቲት 2015 ኣብ መቐለ ብምብጻሕ ኣብ ዝተኸብረ በዓልን ከምኡ'ውን ኣብቲ ብዓቢኡ ብ18 ለካቲት 2015 ዝተኸብረ ኣዝዩ ድሙቕን ሰሓብን በዓል ተሳቲፉ። ኣቦ መንበር ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ ተጋ. ጀማል ሳልሕን ሓላፊ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ኤዲኪ ተጋ. ዓብደላ ዑመር ዶማን ኤዲኪ ወኪኦም ናብቲ ክቡር በዓል ከይዶም ዝተሳተፉ ኮይኖም ናይ ደገፍ መልእኽቶም እውን ንዝምልከቶ ኣካል ሂቦም።

እዚ ልኡኽ ኤዲኪዚ ኣብቲ ክቡር ዕለት ብኣካል ብምርካብ ንመልእ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን እዚ ክቡር በዓል መበል 40 ዓመት ምምስራት ውድቡ'ዚ ናይ ጽንዓትን ጅግንነትን ታሪኽ ዘሐድሰሉን ዘቐጽለሉን ነቲ ህወሓት ይኹን ኢህወደግ ን10ታት ዓመታት ቀሪጹ ብምልዓል ክዋግኦ ዝጸንሐን ዘሎን ድኽነትን ድሕረትን ካብ ስሩ በንቅሱ ብምድርባይ ዳግማይ ታሪኽ ዝሰርሑሉን ኩሉ ሽንኻዊ ዓወታት ዝሓፍሰሉን በዓል ክኾነሉ ከምኡ ውን እዚ በዓል እዚ ብሓፈሻ በዓለ ራህዋን ሰላምን ሰናይ ምስ ኩሎም ህዝብታት ዘጎልብት ብፍላይ ከኣ ምሕዝነታዊ ዝምድና ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘደልድል ንክኾነሎም መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ብ10 ጥሪ 2015 ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ መራሕቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ወከልትን ዝተሳትፍዎ ፈላማይ ምምኽኻራዊ መድረኽ ኣካይዱ። እቲ መድረኽ ኣብ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ፈ/ቤ/ጽ መበገሲ ብምግባር፤ ዝተታሕዙ መድረኻዊ ዕማማትን ኣፈጻጽምኦምን ብዕምቀት ድሕሪ ምዝታይ ግደ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ብሓፈሻ ወሳኒ ተራ ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ምዕዋት ፪ይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝተኮረ'ዩ ኔሩ።

በዚ መሰረት ተጋደላይ ክፍለየውሃንስ ወልደገርጊስ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ድሕሪ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ፡ ዝተሰላሰሉ መደባትን ዝተሓንጸጹ ትልምታትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ተጋደላይ ክፍለየውሃንስ ኣብ መብርሂኡ፡ ኩሎም ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚት፡ ኣብ ህጹጽ ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ዝጸደቓ ውሳኔታትን መድረኻዊ ዕማምን መሰረት ብምግባር፡ ዝርዝር ትልሚ መደብ-ዕዮ ሓንጺጹ፤ ኣብ ፩ይ ስሩዕ ኣኼባ ምጽዳቑን፡ ዛጊት ኣብ ምትግባር ተጸሚዶም

ምህላዎም ሓቢሩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብያተ ጽሕፈታት ፈጻሚ ኣካል፡ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ምዕዋት ቁልፊ መደብ ከም ዝተሰርዐ፡ ኣብ ዝርዝር መደባት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፈጻሚት ንዝሓንጸጸም ኩሉ-መዳያዊ መደባት ንምዕዋት፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽቡ መራሕትን ወከልትን ፖለቲካዊ ውድባት ግቡኦም ክፍጽሙ ድልዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ፡ መላእ ኣባላት ባይቶ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምዕዋት ኣወንታዊ እጃሞም ከበርክቱ ብምጽዋዕ እቲ ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብ15 ጥሪ 2015 ኣባላት ሃገራዊ ባይቶን ኣብ ዞባዊ ስርርዓት ሃገራዊ ባይቶ ዝነጥፉ ምዑታት ሓርበኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝተረኽባሉ፡ ኣገዳሲ ኣኼባ ኣኻይዱ። ዕላማ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ብሓፈሻ ብምድህሳስ፤ ወድዓውን በዓል-ቤታውን ሕጽረታቱ ምልላይን፤ ንሓያል ጎንታቱ ብምዕቃብ ብዝሓየለን ዝተወደበን መልክዑ ንጡፍ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ንምውሓስ ክግበር ብዛዕባ ዘለዎ ቃልሲ፤ ኣብ መወዳእታ ከኣ ኣብ ምዕዋት መደባት ሃገራዊ ባይቶ ደቂ-ኣንስትዮ ዝህልወን ታሪኻዊ ኣበርክቶ ንምንጻር ዝዓለመ'ዩ ኔሩ።



ካብቶም ኣብ'ዚ ምምኽኻራዊ መድረኽ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ዝተሰርዑ መደባት፡ ጎና-ጎኒ ዳግመ ስርርዕ ዞባታት ኤሃባደለ ኣብ ኩለን ዞባታትን ጨናፍራትን ዝነጥፉ፤ ሰፊሕ ዓለም-ለኻዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ንምምስራት ምቅርራባት ክግበር ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ተበጺሑ። ነዚ ዕማም'ዚ ዘወሃህዳ ኣብ ኩለን ዞባታት ኤሃባደለ ዝውከላ ደቂ-ኣንስትዮ ብፈ/ቤ/ጽ ክመዘዛ ተረዳዲኡ። እዘን ብፈ/ቤ/ጽ ዝምዘዛ ወከልቲ ዞባታት፡ ሰፊሕ ዓለም-ለኻዊ ምሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ንምምስራት ዝግበር ምልዕዓላት ዝውድባ ኮይነን፡ ብድሕሪ ጽፉፍ ቅድመ-ምድላው ምክያዱ ንኩለን ደቂ-ኣንስትዮ ዘሳትፍ መስራቲ ጉባኤ ብምክያድ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤሃባደለ ዝነጥፍ ነጻ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ንምቋም ትልሚ መደብ ሓንጺጹ። ነዚ መደብ'ዚ ንምዕዋት ከኣ ፈ/ቤ/ጽ ዝካኣሎ ኩሉ ክገብር ምኳኑ ኣተስፊወን።

ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ንምዕዛዝ ክካየድ ብዛዕባ ዘለዎ ቃልሲ፤ ከም እዋናዊ መደብ፡ ንኣባዓዕላ 0፰ መጋቢት ፲0፩፭ ኣመልኪቱ'ውን ብዝርዝር ተመያይጡ። 08 መጋቢት 2015፡ መንጠሪ ባይታ ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ንምውሓስን ሕኑን መቃለሲ ውደባ ንምፍጣርን ብዘገልግል መልክዑ ንምብዓላ፡ ዘድሊ ምቅርራባት ክግበር ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ካብ 15 ክሳብ 20 ታሕሳስ 2014 ኣብ ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ ብዝወሰኖ ውሳኔ ብመሰረት ኣሳናዳኢት ሽማግለ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምድላው ንዝተዋህባ መምርሒ ምርኩስ ብምግባር መደባታ ንምፍጻም ፈላማይ ኣኼባኣ ብ7 ጥሪ 2015 ምክያዳ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ ሓቢራ። ኣሰናዳኢት ሽማግለ 2ይ ጉባኤ ንሃገራዊ ባይቶ ከም ዝገለጸቶ ንምስላጥ ስረሓታን ንምዕዋት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤን ኣብ ውሽጣ ናይ ሰባት ምምዳብን፡ ስራሕ ምክፍፋልን ዳግመ ስርርዕን ከም ዝገበረት ገሊጻ።

ኣሰናዳኢት ሽማግለ ነዚ ዝገበረቶ ዳግመ ስርርዕ ሕጋዊ ኣገባብ ዝተኸተለን ኣቐዲሙ እውን ኣብ ውሽጣዊ መመሓደሪ ሕጋ ተነጺሩ ከም ዝነበረን ብኡ መሰረት ተግባራዊ ንምግባሩ ኣብዚ ኣኼባዚ ዓቢ ስራሕ ከም ዝተሰርሐን ንቃልስና ዘሐይልን ዓቢ ዝላ ንቅድሚት ዘሰጉምን ዓወታት ከም ዝሓፈሰትን ድሕሪ ምግላጽ ካብ ገድላዊ ሰኽሚ ዝተሰከመትሉ ሓላፍነታዊ መንፈስን፡ ኣብ መንጎ ኣባላታ ሰፊኑ ዘሎ ስጥመትን ምትእምማንን ብምብጋስን መደባታ ንምምላእ ቅርቡነታ ብምግላጽ እዚ ዝስዕብ መጸዋዕታ ኣቕሪባ እያ። መላእ ህዝብታት ኤርትራ፡ ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት፡ ዞባታትን ጨናፍራትን ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ስቪክ ማሕበራት፡ ምእንቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ሃገራውያን ባእታታት፡ ኣብ ጎኒ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ደው ብምባል፡ ነገራውን ሞራላውን ተክኒካውን ደገፉት ንኸበርክቱን ከምኡ እውን ኩሎም ኤርትራዊ ሃገራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ህዝቢ ኣብ ጎኒ ብምስላፍ ካብ ገዛኢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንህዝቢ ምንጋፍ ምእንቲ ክከኣልን ማዕረ ትጽቢት ህዝብና ዝኸውንን ዕዉት ጉባኤ ንምክያድ ብመምርሒ ኣሰናዳኢትሽማግለ ሓላፍነት ንእተሰክሞም ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት መደባቶም ኣብ ምስላጥ ክተሓጋገዝዋን እያ መጸዋዕታኣ ኣቕሪባ።



ኣብ ኢትዮጵያ፡ ብዕለት 18 ጥሪ 2015 ካብ ገዛ ዝቀረቡ ሕጹያት ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ንፖለቲካውን ማሕበራውን ኣቃውማ ኤሃባደለን ብዙሕነታዊ ክውንነቱን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ተሳትፎ ንኩሉ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት ብዘውሕስ መልክዑ፡ ንዕማማት ማእከል ዝገበረ ምደባታት ኣካይዶም። ዞባዊ ሽማግለ ዞባ ኢትዮጵያ፡ ብመልክዕ ብቅርጽን ኣቃውማን ፈ/ቤ/ጽ ብሸውዓተ ኣብያተ ጽሕፈታት ማለት ኣቦ-መንበር፤ ም/ኣ/መንበርን ወጻኢ ዝምድናታትን፤ ጸሓፊ፤ ምምሕዳርን ፋይናንስን፤ ዜናን ባህልን፣ ጸጥታዊ ጉዳያት ኣብ ዝጠመቱ ሽማግለታት ዞባ ዝቆመት ኮይና ንፍሉይነት እቲ ዞባ ኣብ ግምት ዘእተወ ስርርዕ'ውን ጌራ እያ። ዞባዊ ሽማግለ ኢትዮጵያ ካብቶም ዓብይ ትኩረት ዝገበረትሎም ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት እቶም ቀንዲ፡ ጉዳይ መንእሰያት፣ ደቂ ኣንስትዮን ስደተኛታትን ብፍሉይ ብምርኣይ፡ ኣብ ትሕቲ ህዝባውን ማሕበራውን ቤት ጽሕፈት'ቲ ዞባ፡ በቶም በዓል-ቤት ዝኾኑ ኣካላት ክውከሉን ግቡእ ቆላሕታ ክረኽቡን ዘክእሎም ስርርዕ ኣካይዳ እያ።

ብተማሳሳሊ ብ25 ጥሪ 2015 ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዕዉት ዳግመ ስርርዕ ዞባ ንምግባር ብቴሌ ኮንፈረንስ ኣኼባ ኣካይዱ። ብመሰረት'ቲ ብፈ/ቤ/ጽ ዝወረደ መምርሒ፡ ኣቃውማ፤ ቅርጻታትን ስርዒታዊ ዝምድናታት ዞባን ብዝምልከት ሰፊሕ ዘተ ድሕሪ ምክያዱ፡ ዞባዊ ሽማግለ ክዓሞም ዝግባእ መርሃ-ዕዮ ኣነጺሩ። ድሕሪ'ዚ ነቲ ዝተሓንጸጸ መደባት ዘተግብሩ ዞባዊ ሽማግለታት ብምቛም ኣኼባ ብዓወት ተዛዚሙ።

ኣብ ሜልቦርን ኣውስትራልያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዕለት 10 ጥሪ 2015 ኣንጻር ናይ ልመና ፌስቲቫል ስርዓት ህግደፍ ከምቲ ልሙድ በዚ ዓመት እዚ እውን ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም። ስርዓት ህግደፍ ዓመት ዓመት ኣብ ከተማ ሜልቦርን ቁጠባዊ ኩነታቱ ንምሕዋይ ኢሉ ዝገብሮ ናይ ልመና ፌስቲቫል ቀንዲ ዕላምኡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን ስቅያት ህዝብናን ስደትን ንምቕጻልን ብምዃኑ ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከብ ህዝብና ነዚ ንምፍሻል ቆሪጹ ብምልዓል ዓመት መጸ ክምክቶ ዝጸንሐ ክኸውን እንከሎ ሎም ዘበን እውን ኣብ ዝገበሮ ፌስቲቫል እቶም ደለይቲ ለውጢ ናብቲ ቦታ ብምኻድ ብትሪ ከም ዝኾነንዎን ከም ዝተቓወምዎን ተሓቢሩ።



ኣብቲ ሰላማዊ ሰልፊ ገዲም ተጋዳላይ መሓመድ ኑር ኣሕመድ ብኣካል ተረኺቡ ካብ ዘቕረቦ መደረ ሓድነትናን ስጥመትናን ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ብምጥንኻር ንደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ተቓለስቲ ውድባትን ኩሉ መዳያዊ ደገፋት ከበርክቱ መጸዋዕትኡ ኣመሓላሊፉ። ተጋ. መሓመድ ኑር ብምቕጻል እዚ ሎሚ እንካይዶ ዘለና ሰፊሕ ኣንጻር ልመና ህግደፍ ዝቐንዕ ሰላማዊ ሰልፊ ቀንዲ መልእኽቱ ነቲ ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝሳቐ ዘሎ ህዝብናን ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ማእሰርቲታት ተዳጕኖም ዝርከቡ ዜጋታትናን ስቓዮም ንማሕበረሰብ ዓለም ንምስማዕን ህጹጽ ፍታሕ ክግበረሎምን ብዘለና ናይ ቃልሲ ዕላማን እዩ ዝካየድ ዘሎ ክብል ገሊጹ።

እዚ ሎሚ ኣብ ሜልቦርን ዝተኻየደ ናይ ልመና ፌስቲቫል ህግደፍ ካልእ ግዜ ብዓብደላ ጃብር ዝምረቕ ዝነበረ ክኸውን እንከሎ ሎሚ ዓመት ግን ብመጋበራ ርእሰ መላኺ ኢሰያስ ዝኾነ ግርማ ኣስመሮም ከም ዝተመረቐን ኣብቲ ኣጋጣሚ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኤርትራ ስደተኛ የብላን እናበለ ክኽሕዶ ዝጸንሐ ሓቂ በቶም ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ምዑታት ኤርትራውያን ሓያል ግብረ መልሲ ከም ዝተዋህቦን ናይ መደናገሪ ቃላቱ ከም ዝተነቕሓሉ ፊት ንፊት ከም ዝተነግሮን ክፍለጥ ተኻኢሉ።

# ቃለ-መሕተት

ኣብ ናይ ሎሚ ሕታምና ምስ ተጋዳላይ ጀማል ሳልሕ ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ዲሞክርሲያዊ ኪዳን ኣብ ሓፈሻዊ ህሉው ኩነታት ሃገርናን፡ ስርዓት ህግደፍን ደምበ ተቓውሞን ብዝምልከት ዝገበርናዮ ቃለ መሕተት ነቕርበልኩም።

**ኪዳን፡ ሓፈሻዊ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ምስ ዝሓለፉ ኩነታት ብምግንዛብ ኣብ ከመይ ኩነታት ከም ዝርከብ'ዶ ብሕጽር ዝበለ መልክዕ ምገለጽካልና?**



**ተጋ..ጀማል፣** ሓፈሻዊ ኩነታት ህዝብና ከምቲ ኩላትና እንፈልጦን እንከታተሎ ዘለናን፡ ኣብ መነባብርኡ ካብ ዝሽፍኤ ናብ ኣዝዩ ዝሽፍኤ ጽጉም ኩነታት እናተሰጋገረ እዩ መጺኡ። እዚ ካኣ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ልክዕ ከምቶም ዝሓለፉ ዓመታት፡ መሰል ናይ ነጻ ርእይቶን እምነትን የብሉን፣ኣብ ዝኾነ ፖለቲካዊ ንጥፈታት'ውን ተሳትፎ ኣይጸንሖን ሕጂ'ውን የብሉን። ልክዕ ከምቲ ዝተለመደ፡ ቅዋም፡ ሕግን ፍትሕን ብዘይብሉ ኣዝዩ መሪር ብመግዛእታዊ ምሕደራ ናይቲ ዲክታቶርያዊ በሓቲ መንግስቲ እዩ ዝሳቐ ዘሎ። ኣብዚ ግዜ'ዚ እዚ ጨካን መንግስቲ ከም ልማዱ፡ "ቅዋም ክንቀርጽ ኢና፡ ብሓድሽ ቅዋም እናተመራሕና ሃገርና ክነማዕብል ኢና" ብዝብል ሸሕጣን ሕጂ'ውን ህዝብና ንምትላል እናጸዓረ እዩ ዘሎ።

ኣብ ቁጠባዊ መዳይ'ውን እንተኾነ ንልምዓትን ኣልሚዕካ ምጥቃምን ዘፍቅድ ፖለቲካዊ ኩነታት ስለ ዘየለ፡ ብኣንጻሩ፡ ብስም "ህዝባዊ ሰራዊት" ዝብል መደናገርን ኣገዳድን መደብ እቶም ዓድን ስድራ-ቤታትን ኣብ ምምራሕ ተራ ዝነበሮምን ዘለዎምን ዓበይቲ ሽማግለታት ከይተረፉ ካብ ልምዓት ብምእላይ ክሳብ ምሉእ ስድራ መሊኦም ክንጸሉ ስለ ዝተገብረ፡ ህዝብና ብሓፈሻ ክሸገር፡ ብፍላይ ስድራ-ቤታት ካብ ምጽጋም ሓሊፈን ክፈርሳን ክበታተናን ይኾና ኣለዋ። ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ'ውን እንተኾነ፡ ብሕሱም ወገናዊ ኣሰራርሓ፡ ኣድልዎን ጉቦን ዝተፈላለዩ ብልሽውናታትን ኣዝዮም ተበራኺቶም ህዝብና ፍትሒ ምርካብ ሕልሚ ኮይንዎ በደሉ ጸይሩ ክቕጽል ዝመርጸሉ ኩነታት በጺሑ ይርካብ ኣሎ።

ኣብ ባህላውን ሃይማኖታውን እምነታት ኣብ ምጥቃምን ምዕቃብን ብዝምልከት'ውን እንተኾነ ህዝብና ኣብ ኩሉ ዳርጋ ብነጻ ክኣምን ዝጽገመሉ ደረጃ በጺሑ ይርከብ ኣሎ። ካብዚ ጽቕጠትን ኢድ ምትእትታውን ናይቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝብገስ እዩ ድማ ናይ ዝተፈላለያ ኣብያተ እምነታት መራሕቲ ካብ ቅድም ጀሚሮም ብሓፈሻ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ካኣ ብፍላይ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ጭቆናን ጽቕጠትን ስእነትን ጸገማትን ኣመልኪቶም እዉጅ መግለጺ ብምውጻእ ነቲ ስርዓት ዝወቕሱሉን ዝቃለስሉን ደረጃ በጺሖም ዝርከቡ ዘለዉ። ብሓጺሩ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ብኩሉ መዳዩ ናብ ዝሽፍኤን ዝዓሞቐን ጽቕጠትን ጸገማትን ስደትን ተሳጢሑ እናተሳቐየ፡ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ካልኣዊ ፍልልያቱ ብምስጋር ሓድነቱ ኣጠናኺሩ ኣብ ምግጣም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዕዙዝ ገድላዊ ተርኡ ክብ ከብል ልዑል ትጽቢት ይግበረሉ።

**ኪዳን፡ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.'ከ ምስ ህልዊ ኩነታት ህዝቢ ብምዝማድ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ ኢልካ ትሓስብ ወይ ትመዝን?**

**ተጋ.ጀማል፡** ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝርከበሉ ዘሎ ጭቡጥ ኩነታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ዓሚቕ ቅልውላውን ተስፋ ምቑራጽን ናይ ምንቁልቋል ኩነታትን ኮይኑ፡ ኣብ ሓሶትን ምድንጋርን ዝተሰረተ ናይ ተለኻኺምካ ምጥፋእ ጽልሙት ኩነታት እዩ ዝርከብ ዘሎ። ይኹን ደኣምበር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ነዚ ዘሕልፎ ዘሎ ጽጉም ሂወት መዝሚዙ ህዝቢ ኣተሓባቢሩ ብሓያልነትን ብቀረባን ዝነጥፍ ተቓዋሚ ሓይሊ ጸብለል ዝበለ ስለ ዘይኮነ፡ ብካልእ ኣገላልጻ፡ ድኻም ተቓወምቲ ሓይልታት ህልዊ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ድኻም'ዚ ተሓቢኡ ህዝብን ሃገርን እናረመሰ ክቕጽል ዕድል ስለ ዝረኸበ፡ ኣለኹ ንምባል ኣብ ምፍታን ይርከብ ኣሎ። ንምትላል ካብ ዝጥቀመሎም ፖለቲካዊ ሜላታት ድማ ሓደ፡ ሎሚ'ውን ዝኣረገ መዝሙር እናዘመረ "ሓድሽ ቅዋም ክንቀርጽ ኢና፡ ሃገራዊ ሉዕላውነትና ንምውሓስ ክንቃለስ ኢና፡ ዓመተ 2015ን 2016ን ናይ ልምዓትን ምዕባለን ኩብያ እነርእየለን ዓመታት ክኾና እየን፡ ዝተፈላለዩ መዓድናትና ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ክነውዕሎም ኢና" ው.ዘ.ተ. ዝብሉ ይርከብዎም። እዚ ፖለቲካዊ ኣበሃህላታት'ዚ ግን ንሽፋንን ምድንጋርን ኢሉ ዝብሎ ዘሎ'ምበር ብሓቂ ናይ ልምዓትን ዕቤትን ባህርን ዕላማን ስለ ዘለዎ ኣይኮነን። እቲ ዕላማ ግን ንጉጅላዊ ረብሕኡ ንምርግጋጽ ክብል እናሰርሐ ህዝብና ንምትላል ዝህውትቶ ዘሎ ምኽኑ ርጉጽ እዩ።

ንኣብነት ኣብ ዕደና ወርቂ ቢሻ ዝምልከት ነጻ ጉልበት መንእሰያት ብምጥቃም ወፍሪ ብምክያድ እቶት ምሕፋስ ካብ ዝጅምር ዓመታት ዘቑጸረ እኳ እንተኾነ ዝርኽቦ መጠነ ሰፊሕ እቶት ግን ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ዝወዓለ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ እቲ ገዛኢ ጉጅለ ዝጥቀመሉ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑን ዘሎን። እቶም ምስ ናይ ወጻኢ ካምፓኒታት ብምሽራኽ ኣብ ፍርያት ንምውዓል ዝጸዓረሎም ዘለዉ ዝተፋላለየ ማዕድናት ውን እንተኾነ ዕድሎም ልክዕ ከምቲ ናይ ቢሻ ወርቂ ነቲ ገዛኢ ጉጅለ ዝጠቕሙ እምበር ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ክውዕሉ'ዮም ኢልካ ተስፋ ዝንበረሎም ኣይኮኑን። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ቁጠባ ይሽገር ከም ዘሎ ብዓቕሊ ጽበት ብመንገዲ ርእሰ ኩናቱ ዝኾነ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣቢሉ ክወሃብ ዝጸንሐ መግለጽታት ማለት" ስሚንቶ የለን፣ ተንጺና የለን፣ ነዳዲ የለን፣ ጻዓት /ኤለትሪክ/ የለን፣ ሰፋሕቲ ሕርሻታት ከነካይድ ኣይካኣልናን፣ ኩሉ መዳያዊ ልምዓት ናይ ትሕቲ-ቅርጻን ኢንዱስትሪን ክንሃንጽ ኣይከኣልናን" ወዘተ ዝብሉ ንጥብታት ህግደፍ እንታይ ንምባል ይብሎም ኣሎ ካልእ ነገር ኮይኑ፡ ብቑምነገርም ግን ናይ ህግደፍ ቁጠባዊ ጸገምን ውድቀትን ዝሕብሩ ሓቅታት ኢዮም። ስለዚ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዝብሎን ዝምድሮን ንስለ ምህላው ክገልጽ ኢሉ እንተዘይ ኮይኑ ህይወት ዘለዎ ስራሕ እናሰርሐ ዝነጥፍ ዘሎ መንግስቲ ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ፖለቲካዊ ሓድነቱ ዘሊቑን ተዘሪጉን በብግዝኡ ኣብ ሕድሕዱ እናተበላለዐ ኣብ ሕሱም ምንቁልቛል ዘሎ'ዩ። ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ'ውን እንተኾነ ክብደትን እምነትን ስኢኑ ብተዳራራቢ ማዕቀብን ተነጽሎን ኣብ ምስቓይ ይርከብ ኣሎ። ኣብ ናይ ከባቢና ሃገራትን መንግስታትን ምትኹታኻት እናገበረ ብውጽኢቱ ረብሓ ክረክብ እናጸዓረ፡ ብእንጻሩ ክሳራን ተነጽሎን እናጋጠሞ እዩ መጺኡን ዘሎን። ብሓጺሩ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ጽጉም ኩነታትን፡ መስርሕ ምድኻምን ምንቁልቛንልን ኮይኑ ኩሉ ሕማቕ ዝባሃል ተግባራት እናፈጸመ "ተላኻኺምካ ምጥፋእ" ዝብል ናይ ተስፋ ምቑራጽ ውሳነ ተኸቲሉ ህዝብን ሃገርን ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ እና ደፍኣ'ዩ ዝርከብ ዘሎ ክባሃል ዝካኣል'ዩ።

**ኪዳን፡ በወገን ደምበ ተቓውሞ'ከ? ነዚ ህልው ኩነታት ናይ ህዝብን ሃገርን ንምቕያር ነቲ ስርዓት ብምግጣም ብኸመይ እጃሙ የበርክትን ይጸሉን ኣሎ ትብል?**

**ተጋ.ጀማል:** ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ወሪዱ ዘሎ ጭቆናን በደላትን ዝተፋላለየ ጸገማትን ንምውጋድ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብዓቕሙ ቃልሲ እናካየደ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። እቲ ብደምበ ተቓውሞና ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብከምቲ ጸገም ህዝብናን ሃገርናን ዝጠልቦ ኣድማዕን ቅልጡፍን ክብሃል እኳ እንተዘይተኻእለ። ብፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያውን ወተሃደራውን /ብዝተሓተ መልክዑ/ ቃልሲ ክካየድ ጸንሑን ይካየድ ኣሎን'ዩ። ብፍላይ ኣብቲ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን መዳይ ዘካየዶ ቃልሲ ነቲ ስርዓት ቀሊል ዘይኮነ ተጽዕኖን መኸተን ይገብረሉ ኣሎ ኢዩ። ስለ ዝኾነ መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ወጻኢ /ዲያስፖራ/ ዝተወሰነ ህዝቢ ብምሓዝ ኣብ ናይ ከበባ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኮይኑ ክነጥፍ ኣገዲድዎ ኢዩ። ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ውን እንተኾነ ዋላ እኳ ኣድማዕነትን ቀጻልነትን ዘለዎ እዩ ክባሃል ዝካኣል እኳ እንተዘይ ኮነ፣ ብዝተወሰነ ደረጃ ኣብ ምቅልዑ ዘይናዓቕ ተራ ይጻወት ኣሎ'ዩ።

ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ'ውን እንተኾነ ዋላ እኳ ዓበይትን ኣድማዕትን ብቐጻሊ ዝካየዱን እንተዘይኮኑ ንፕሮፓጋንዳን ውደባን ዕማማት ንምክያድ ዝሕግዙ ንኡስ ወታሃደራዊ ስርሒታት ብውሱን ውሁድ ዓቕሚ ክካየዱ ጸኒሖም እዮም። እዞም ውሱናት ስርሒታት'ዚኦም ድማ ንጸላኢ ስግእት ካብ ምፍጣር ሓሊፎም፡ ኣብ ውጹዕ ህዝብና ተስፋ ናይ ቃልሲ ብመጠኑ ዝፈጥሩ ዘለዉ እዮም። ስለ ዝኾነ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ ብፍላይ ካኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት ብምዕሳል ዝቃለስ ዘሎ ሓይልታትና ንዘለዎ ውሽጣዊ ድኽመታት ክፈትሕን ቀላጽሙ ንምጥማርን ዘካይዶ ዘሎ ጻዕኣን፡ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ቃልስን ዋላ'እኳ ልዑል እዩ ክብሃል ኣይካኣል፡ ኣቃሊልካ ዘይረኤ ናይ ቃልሲ እጃም ኣብ ምብርካት እዩ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ኣበርክቶ'ዚ ግን ዝያዳ ክዓብን ክሰፍሕን፡ ምስ ጸገማት ናይ ህዝብናን ሃገርናን ዝጠልቦ ዘሎ ህጹጽ ኩነታት ክዓብን ክቀላጠፍን ክበቅዕ ሓያል ጻዕርን ቃልስን ከነካይድ ዝጠልበና ዘሎ ጉዳይ እዩ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ ክሊቲ ሓበራዊ ወተሃደራዊ እስትራተጂ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጀጋኑ ኣሃዱታት ዲሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ን ዲሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕርን ብ22 ታሕሳስ 2014 ኣብ ልዕሊ ኣካል ስለያ ክፍለ ሰራዊት 53 ኣብ ከባቢ ማይ ጊኒ ፍሉይ ሽሙ ማይ ምራኻት ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ መንጎ ቤት ገብርኤልን ማይ ኣልባን ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ነቒጡ ዝነበረ ናይ ስለያ ኣሃዱ ህግደፍ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍጻም ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዓቢ ክሳራ ከም ዘውረዱ ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

**ኪዳን፣ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ብወገኑ'ከ፡ ከም ሓደ ዝዓበየ ግንባር መጠን፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ እንታይ ኣበርክቶ ይገብር ኣሎ ትብል?**

**ተጋ..ጀማል፣** ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከም ግንባር ኣብ ቃልሲ ዘበርክቶ ዘሎ ግቡኣትን ዕማማትን ብሓፈሻ ኣብቲ ደምበ ተቓውሞና ዝብል ዝተጠቕሰ እዩ ብቐንዱዝጠቓለል። ከም ዝተጠርነፈ ሰፊሕ ሓይሊ ዝሓዘ ግንባር መጠን፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ዝግበሩ ናይ ቃልሲ ንጥፈታት ኤ.ድ.ኪ. ኣብዚ ህሞት'ዚ ካብቲ ኣብ ደምበ-ተቓውሞ ዝተፈልየ'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን። ኣብ ዝሓለፈ መስርሕ ግን ደምበ ተቓውሞና ተኣማሚኑን ተደጋጊፉን ክቃለስ ንክበቅዕ፡ ኣብ ፪0፩0 ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክጋባእ ተበግሶ ብምውሳድ ምስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ

ውድባትን ስቪክ ማሕበራትን ብምዃን ሃገራዊ ዋዕላ ክካየድ ዓቢ /ልሉይ/ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንክጋባእ'ውን ከም ግንባር ልዑል እጃም ተጻዊቱን ኣበርኪቱን እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ምስ ተመስረተ ድማ፡ ኪዳን ምስ ባይቶ ዝህልዎ ዝምድና ብምንጻር ካብ ዝጸንሕዎ ኣገደስቲ ናይ ቃልሲ መሳርሕታቱ ናይ ዜና /ተለፍክን/ ኣብኡ ክነጥፍ ዝጸንሐ ኣብ ናይ ዲፕሎማስን ህዝባዊ ጉዳያትን ብደረጃ ባይቶ እንተተፈጺሙ ዝሓሸ'ዩ ዝብሎም ዕማማት ናይ ባይቶ ክሰጋገሩ ገይሩ። ሓሓሊኡ እውን ገለገለ ፋይናንሳዊ ደገፋት ገይሩ እዩ። ሃገራዊ ባይቶ ተጠናኺሩ ክቃለሰሉ ዝኽእል ኩነታት ንክፍጠር ምስ ካልኦት ተሻረኽቲ ኣካላት ንሱ እውን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣስተዋጽኦ ክገብርጸኒሑ እዩ።

**ኪዳን፣ኤ.ዲ.ኪ. ዝገብሮ ዘሎ ንጥፈታት'ከ ብፍላይ ምሓበርካና'ዶ?፣**

**ተጋ..ጀማል፡** ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከካይዶ ዝጸንሐን ዘካይዶ ዘሎን ናይ ቃልሲ ንጥፈታት እቲ ልዕል ክብል ዝተጠቕሰ ንጥፈታቱ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ብተወሳኺ ንምቅጻስ ዝኣክል፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዋላኳ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከምቲ ዝተወጠነ እንተዘይተጓዓዘ ሰፊሕ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ጽላል ንክምስረት ብዓቕሙ ጽዕቱ እዩ። ሕጂ'ውን ፖለቲካዊ ውድባት ተቐራሪበን ክቃለሳን፣ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ኤ.ሃ.ባ.ደ.ለ ንምድልዳሉ ዓቕሙ ብዝፈቕዶ ክሰርሕ እዩ። ኣብ ግንባራዊ ንጥፈታቱ ዝምልከት ድማ፡ ብዝውንኖ ናይ መራኽቢ-ብዙሓን መሳርሒታት ማለት፡ ብሬድዮ፡ ዌብሳይትን ልሳኑ "መጽሔት ኪዳን" ብምጥቃም ብመጠኑ ፕሮፖጋንዳውን ዜናውን ስራሓት ከካይድ ጸኒሑን የካይድ ኣሎን እዩ። ኣብ ዓቕሚ ኣባላቱ ካድራቱ ምዕባይ ዝምልከት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ውጽኢት ኣኼባታት ማእከላይ መሪሕነትን ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈትን መደባቶምን መበገሲ ብምግባር ዓቕሞም ክዓቢ ዝሕግዝ ኣኼባታት ትምህርቲ ሂቡ እዩ። ብፍላይ ኣብ ወርሒ ለካቲት ፪0፩፬ን ኣብ መጋቢት 2014ን ዝተዋህበ ኤ.ዲ.ኪ. ንዝሰርሖም ስራሕትን ዝመደቦም መጻኢ መደባትን ብዝርዝር ዘስነቐን፡ ንመጻኢ ኣብ ግንባራዊ ስራሕቲ ዝጠቅም ሓጋዚ ሓበሬታን መምርሕን ትምህርቲ /ኦሬንተሽን/ ስለ ዝነበረ ኣብ ዝቐጸለ ስራሓት ሓጋዚ እዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ንካድራት ኣብ ምምሕዳራዊ መዳይ ዝጠቅም ሓጺር ኮርስ /ትምህርቲ/ ሂቡ እዩ።

ኣብቲ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ድኽመታት ንምውጋድ ክካየድ ዝጸንሐ ቃልሲ'ውን ናቱ ኣወንታዊ ተራ ነይሩዎ እዩ።ይኹን ዳኣምበር ኣብቶም ዝነበሩ ድኽመታት ንሱ እውን ብሸነኹ ዝስከሞ ናቱ ውሽጣዊ ድኽመታት ነይሩምዎ እዩም።

ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ኤ.ዲ.ኪ ወታደራዊ ክንፊ ዘለወ ኣባላት ውድባቱ ብምውህሃድ ሓደ ናይ ሓባር ዝተወሃሃደ ወታሃደራዊ ዕማም ክካየድ ክካኣል፡ ስሚናራት ብምግባር ናይ ምውህሃድ ስራሕቲ ከካይድ ጸኒሑ እዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ሓደ ናይ ሓባር ወታሃደራዊ ኮሚቴ ብምውዳብ፡ ዝተወሃሃደ ዕማም ዝተወሰኑ /ናእሽቱ/ ወታሃደራዊ ስርሒታት ናብ ልዕሊ ናይ ሓባር ጸላኢ ክካይዱ ጸኒሖም እዮም።እዚ ንኡስ ስርሒታት'ዚ ድማ ንፖለቲካውን ፕሮፖጋንዳውን ስራሓት ሓጋዚ ባይታ ክፈጥር ጸኒሑን ኣሎን እዩ። ብተመሳሳሊ ምስ ካብ ኤ.ዲ.ኪ ወጻኢ ዘለዋ ወታሃደራዊ ክንፊ ዘለወን ዝተወሰና ውድባት'ውን ብመትከል ናይ ተወሃሂድካ ምስራሕ ዝብል መበገሲ ብምግባር ኣብ ወታሃደራዊ መዳይ ብደረጃ ባይቶ ኣብ ዝተወጠነ ሰሚናር ብምስታፍ ብደረጃ ኣባላት ውድባቱ ኣብ ናይ ሓባር ነጥበ ስምምዕ ንምብጻሕ ልሉይ ተራ ተጻዊቱ እዩ። እዚ ስምምዕ'ዚ ከም ስምምዕ ህልዊ ኮይኑ፡ ኣብ ዓውደ ተግባር ግን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ብተግባር ክስራሓሉ ዝተበቕዐ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንመጻኢ ግብራዊ ንምግባሩ ኤ.ዲ.ኪ. ክጽዕረሉ እዩ።

**ኪዳን፡ ውድባት ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ፡ ኣብ ምድልዳልን ምሕያልን ኤርትራዊ ሃ/ዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣበርክቶኣን ከመይ ይመስል?**

**ተጋ..ጀማል፡** ውድባት ኣባላት ኤ.ዲ.ኪ. ኣብ ምድልዳልን ምሕያልን ሃገራዊ ባይቶ ኣበርክቶኣን ዝብል ሕቶ ልዕል ክብል ዝጠቐስኩዎ ተራ ናይ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ሃ/ዊ ባይቶ ብጥሙር ዝገልጽኩዎ ስለዝኾነ፡ ብዙሕ ሓድሽ ዝውስኽሉ ኣይክልወንን እዩ። ኣብዚ ዝጠቕሶ ነገር እንተሃለወ፡ ኤ.ዲ.ኪ ከም ግንባር፡ ኣባላቱ ዝኾና ውድባት ድማ ብተናጸል ሰፊሕ ሃ/ዊ ግንባርና ሃ/ዊ ባይቶ ኣብ ምድልዳል ብከምቲ ዓቕመን ካብኣተን ትጽቢት ዝግበረለን ተራ ኣወፍየን እየን ክበሃል ዝካኣል እኳ እንተዘይኮነ ብሓፈሻ ግን ኣስማት ምዝርዝር ከየድለየ ተረኤን ከበርክታ ጸኒሐንን የበርክታ ኣለዋን እየን። ብካልእ ኣገላልጻ፡ ኤ.ዲ.ኪ ከም ግንባር ይኹን ኣባላቱ ብተናጸል፡ ኣብ ዙርያ'ቲ ኣወንታዊ ተረኤን ከምቲ ካልእ ተላፋኒ ሓይልታት /ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ-ማሕበራትን/ ድኽመታት'ውን ጸኒሑወንን ኣለወንን እዩ።

**ኪዳን፣ ኤ.ድ.ኪ ካብዚ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ዝያዳ ኣድማዒ ምእንቲ ክኸውን ብቐዳምነት እንታይ ሰሪዑ ዝሓዞ መደብ /እስትራተጂ/ ኣሎ?**

**ተጋ..ጀማል፣** ኤ.ዲ.ኪ ብሓጺሩ ኣብ ቃልሲ ዝያዳ ኣድማዒ መታን ክኸውን ዝሓዞ መደብ /እስትራተጂ/ ኣብቶም ክሳብ ሕጂ እናኣሰላሰሎም ዝመጸ ኩሉ-መዳያዊ ቃልስን፡ ኣብ ነብሱን ዓሚቑን ሃናጽን ገምጋም ብምግባር ናይ መጻኢ ኣንፈት

ናይ ቃልሱ ክርእን ክምድብን እዩ። ካብዚ ተበጊሱ ድማ ኩሉ ነቲ ቃልሲ ከሐይል ዝኽእል፡ ውህደት ናይ ተቓወምቲ ሓይልታትና ከረጋግጽ ዝኽእል ኩነታት ንክፍጠር ናይ ገዛእ ርእሱ ኣወንታዊ ናይ ቃልሲተራ ንክጻወት ክቃለስ እዩ። እዚ ዝተጠቕሰ ገምጋምን ሓድሽ መደባትን ክሳብ ዝዳሎ ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ በቲ እናተቓለሰሉ ዝመጸን ዝቃለሰሉ ዘሎን መደባት እናተመርሐ ካብኡ ዝጥለብ ናይ ቃልሲ ኣስተዋጽኦ እናገበረ ቃልሱ ክቕጽል እዩ።

**ኪዳን፡ ኤርትራዊ ደሞ/ዊ ኪዳን፡ ካብኡ ወጻኢ ንዘለዉ ሓይልታት/ውድባት ማዕረ ክንደይ ክፉት እዩ?**
**ተጋ..ጀማል፣** ኤ.ዲ.ኪ ዝኾነ ውድብ/ሰልፊ/ ናይ ግንባሩ ረቛሒታት ዘማለኤ ኣባልነት ረኺቡ ክቃለስ ኩሉ ግዜ ማዕጽኡ ክፉት እዩ። ኤ.ዲ.ኪ እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ ኤ.ዲ,ክን ካለኦት ፖለቲካዊ ውድባትን/ ስፊሕ ሃገራዊ ዓቕሚ/ ዝሓቖፈ ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ጽላል ንክምስረት'ውን ዝድግፍን ኮይኑ ንምምስራቱ እውን ብዓቕሙ ክነጥፍ ጸንሑ እዩ። እዚ ጉዕዞ እዚ ብመሰረት ክሳብ ሕጂ ዝተጓዕዘ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ከመይ ክኸውን'ዩ ኤ.ዲ.ኪ ንቕድሚት ናይ ገዛእ ርእሱ ገምጋም ክገብረሉ ብመደብ ተታሒዙ ዘሎ እዩ።

**ኪዳን፣ ንስርዓት ህግደፍ ብምእላይ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ራህዋን ንምውሓስ ብደምበ-ተቓውሞ ኮነ፡ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብቐዳማይ ደረጃ እንታይ ዓይነት ስራሕ/ቃልሲ/ ክዓምም ኣለዎ ትብል?**
**ተጋ..ጀማል፣** ኩሉ ኣብ ሰላም፡ ፍትሕን ልምዓትን ጠቕሚ ዘለዎም ተቓላሳይ ኣብዚ ግዜ'ዚ ንዘለዎ /ክህልዎ ዝኽእል/ ካላኣዊ ፍልልይ ብደሞ/ዊ ኣገባብ እናማሓደረ፡ ኣብ መድረኻዊ ዕማማት /ምውጋድ ሓባራዊ ጸላኢ መ/ህግደፍ/ ዘትከለ ዝተወሃሃደን ዝተዋደደን፡ ኣብ ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝተሰረተ ውዑይ ቃልሲ ከካይዱ ክበቕዑ /ክንበቕዕ/ ኣለና እብል። ብተወሳኺ ዝኾነ ውድብ /ሰልፊ/ ካብ ዝኾነ ህርፋን ናይ ስልጣንን ጉጅላዊ ምንቅስቓስን ድሒኑ፡ ንሓባራዊ ዕላማን ዕማማትን ብዘይተጉላባነት እናኣሰላሰለ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ክንቃለስን ክንረባረብን ኣለና ብምባል ለበዋይ ክቕርብ እፎቱ።

**ኪዳን፣ ኣብ መጨረሽታ ብወገንካ ትብሎ ነገር እንተልዩ ዕድል ክህበካ/ ናብኻ ብገድፎ/?**
**ተጋ..ጀማል፡** ክብሎ ዝደሊ ርእይቶ ኣብ ዝተላዕሉ ዝተፈለለዩ ሕቶታትን መልሰምን ኣዛሚደ መብዛሕቲኦም ኢለዮም እየ። ንምዝዛም ዝኣክል ግን፡ ዘለናዮ ህሞት፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ኣዝዩ ዘስግእ ተኣፋፊ ኩነታት ንርከብ ከም ምህላውና መጠን፡ ንኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ ብሓባር ተቓሊስና ብምውጋድ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሃገርናን ዘንጸላሉ ዘሎ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ ዓጺፍና፡ ከም ህዝብን ሃገርን ህልውናናን ቀጻልነትናን ንምርግጋጽ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ሓሪንና ክንቃለስ ኣለና እብል። ከምኡ እውን ሓድነት ደንበ ተቓውሞ ንምዝራግን ኣንፈቱ ንምዕጻፍን ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ዝካየዱ ጸለመታትን ወስታታትን ብሓበራዊ ቃልስታት ክግትኡ እንተዘይክኢሎም በብግዜኡ ሽለል እንዳበልካ ክሕለፉ እንተድኣ ኮይኑ ከምዚ ዝኣመሰለ እከይ ተግባራት ዘካይዱ ኣካላት ብዝያዳ ክሻድኑን ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ክሰጋገሩን እንተዘይኮይናም ክእረሙ ኣይክእሉን። ስለ ዝኾነ ከኣ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራን ስቪካዊ ማሕበረሰባትን ህዝብን ሓድነቶም ኣደልዲሎም ንኸምዚ ዝኣመሰለ ከፋፋልን ኣፍራስን ተግባራት ዘካይዱ ኣካላት ካብ ኣዕናዊ ተግባራቶም ንኽቒጠቡ ዓገብ ክብልዎም ይግባእ እብል። ካብዚ ሓሊፉ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ከም ህጹጽ እዋናዊ ዕማምና ንምዕዋት 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ንሽባሸብ ከም ዘለና መጠን ኩሉ ዕማማት ፈ.ቤ.ጽ ኣሰናዳኢት ሽማግለን ብዓወት ክዛዘም ምእንቲ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ስቪካዊ ማሕበረ ሰባትን ህዝብን ኣብ ጎኒ እዚ ቅኑዕ ዓላማታት'ዚ ጠጠው ኢሉ ኩሉ ሸነኻዊ ምድግጋፍ ክገብሩ ጸዋዒተይ የቕርብ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ከኣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ኩሉ ዘጋጥምዎ ባዕላውን ወድዓውን ጸገማት ብቓልሲ ብምስጋር ብዝተኻእለ መጠን ምስ ኩሎም ነዚ ቅዱስ ዕላማ ዝድግፉ መሻርኽቲ ኣካላት ባይቶ፡ ደለይቲ ለውጢ ዝኾኑ ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ፡ ስቪካውያን ማሕበራት፡ ምሁራን፡ መንእሰያትን ደቂ ኣነስትዮን ኮይኑ ንምዕዋት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ዕዙዝ ተርኡ ክጻወት ከዘኻኽር እፈቱ።

ኣብ መወዳእታ ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ እንተሎ ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ነቲ ብጨቋኒ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ተማሪሩ ካብ ሃገሩ ተሰዲዱ ኣብ ፈቖዶ ሃገራት ዓለምን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዝርከባ መዓስከር ስደተኛታትን ንዝርከብ ህዝብና ድማ ብፍላይ ኣብ ምድግጋፍ ዝርከቡ መንግስታትን ግብረ ሰናይ ትካላትን ብሓፈሻ ንህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ስቪካት ማሕበረሰብናን ንስደተኛታት ዜጋታትናን ኣብ ምሕጋዝን ምድግጋፍን ብፍላይ ከኣ ንስደተኛታት ዜጋታትና ኣብ ሃገሮም ዘይረኸብዎ ዕድላት ትምህርቲ ካብ ዝተሓተ ደረጃ ክሳብ ዝለዓለ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርትን ዝተፈላለየ ሞያዊ ስልጠናታትን ኣብ ምሃብ ንዝርከቡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ብሽም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ብሽም እቲ ውጽዕ ህዝቢ ኤርትራን ከመስግን እፈቱ።




## ካብ ብሕቡእ ሕሜታ ርእይቶ ብጋህዲ

መንግስቲ ኤርትራ ሕጊ ከምዘይብሉ፡ ርእይቶ ህዝቢ ከመዘየኽብር፡ ብሓይሉ ህዝቢ የመሓድር ከም ዘሎ፡ ስለዚ ከኣ፡ ለሚንካ ጸሎት ገይርካ ዘይኮነ፡ ብቓልሲ  ብሓይሊ ካብ ዝሓዞ ፖለቲካዊ ስልጣን ደርቢኻ ገበነኛታት ኣብ ቅድሚ ህዝብን ሕግን ኣቕሪብካ ተመጣጣኒ ፍርዲ ክረኽቡ ብምግባር፡  ናብ ውሑስ ሰላም ደሞክራስን  ቀጻልነት ዘለዎ ሃገራዊ ልምዓትን ገጽና ክንጥም ከም ዘለና ናተይ ጥራሕ ዘይኮነ፡  ርእይቶ ዝበዝሑ ኮይኑ ይረኣየኒ። ህግደፍ ክወድቕ ግን፡ ብስምዒት ዘይኮነ ብንጹር ፖለቲካዊ መዕቀኒታት፡ ባህሪኡ እንታይ'ዩ፣ ዝውክሎ  ቀጸላን፣ ህዝቢ  ብምፍልላይ ዕምሪኡ ንምንዋሕ ዝጥቀመሉ ናይ ፈላሊኻ ግዛእ ሜላን ኣዳቒቕካ ምፍላጥ የድሊ። ሓይልኻን ሓይሊ ጸላእን  ብግቡእ ምምዛንን ብኡ መጠን ዘድሊ ምድላዋት ገይርካ  ህዝቢ ኣብ ጎኒኻ ኣሰሊፍካ ብተግባር ምኩሻሕን'ዩ ፍታሕ ዘምጽእ።  ብግቡእ ዝተጸንዐ  ኣሰላልፋ ሓይልታት ባህርን ዓቕምን ጸላእን ከነጽርን ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝቢ ኣበሪኽ ኣብ'ቲ ንለውጢ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብምሉእ ወነ ክሳተፍ ክገብር ወይ ክገብሩ ዘለዎ ፖለቲካዊ ውድባትን ግንባራት ይመስለኒ። ካብ'ቶም ከምኡ ክገብር ዘለዎም  ፖለቲካዊ ውድባትን ግንባራትን ኢለ ዝርእዮ ሓደ ከኣ ብቡሓት ፖለቲካዊ ውድባት ጥራሕ ዝቖመ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን'ዩ።

ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መጽሄት ኪዳን፡ ኣነ ንስርዓት ህግደፍ ነጺገ ካብ ኤርትራ ዝወጻኣኩሉ ምኽንያት ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ካብኡ ናብኡ ድማ ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኮይነ ዜግነታዊ ግቡኣይ ክዋጻእ ኣለኒ ዝብል ውሳኔ ሒዘ መጺአ። ኣብ'ዚ ምስ መጻእኹ ግን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ከምቲ ኣብ ወግዓዊ ኣኼባታቱ ዝካይዶም ኣብ ተግባራዊ ስርሓቱ ግን ጽዒቆም ክኸዱ ኣብ ምግባር ገለ ድኽምታት ዘሎ ኮይኑ ይርኣይኒ። እዚ ካብ ምንታይ ዝብገስ ካብ ዓቕሚ ምሕጻር ድዩ ወይስ ብተወፋይነት ዘይምስራሕ ክድህሰስ ዘለዎ ኮይኑ ይስምዓኒ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንክምስረት፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝለዓለ እጃም ከምዝተጻወተ ብዙሓት ይዝረብሉ'ዩ። እዚ ኣብ ቦትኡ ዘሎ ኮይኑ ኤዲኪ ካብኡ ብዝበለጸ ዓይነታዊ ንጥፈታትን ስርሓትን ብምክያድ፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጉዕዞ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ልዑል ገድላዊ ተርኡ ክጻወት እብል።

**ኣማኒኤል ካብ ኣዲስ ኣበባ**



## ንገለ ብሕጊ ነቲ ካልእ ብሕልና ዘሕትት ከይክውን?

*ኤርትራውያን ኣብ ነጻ መሬትና ብነጻነት ክነብር ዕድል ኣይረኸብናን። ኣሕዋትና፡ ኣሓትናን ወለድናን ዝኸፈልናሉ ነጻነት ኣብ ክንዲ ምሉእ ህዝባዊ ሓርነት ዘይተጸበናዮ ባርነት ኣምጺኡ። ብዘይግነትን ብትውልድን ኤርትራውያን ክንስና ንመንግስቲ ኤርትራ ዝደገፈን ዘይደገፈን ኣባል ህግደፍ ዝኾነን ዘይኮነን ግብኡ ዘማለአን ዘየማለአን / ንህግደፍ ዘጣቐዐን ዘይጣዐቐን መዝሙር ሓሶት ዝዘመረን ዘይዘመረን ንተቓወምቲ ውድባት ብወያነ ዘጸለመን ዘየጸለመን ንምምሕዳር ኣመሪካ ዝኾነነን ዘይኮነን ማለት'ዩ/ ብዝብሉ መዕቀኒታት ኣብ ሃገርና ከም ጓኖት ተዓዘብቲ ክንከውን ተፈሪድና። ንምኳኑ በዚ ዓማጺ መንግስቲ ከም ዜጋታት ንፍለጥዶ ኣይንፍለጥን ክሳብ ንጠራጠር ኮይና። ኣብ ግዜ ሞት ንዕደም ኣብ ግዜ ረብሓ ብወገን ንዝረ ንግለል ንገብሮ ጨኒቒና። መግዛእቲ ጥሊያን፣ እንግሊዝ ኮነ ስርዓታት ኢትዮጵያን ከም ዝፈጸምዎ ብታሪኽ ሰሚዕናዮ ዘይንፈልጥ ስቅያታዊ መግረፍቲ ኣብ ርእስና ተፈጺሙ። ኣብ ተራ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝተፈልየ ሓሳብ ዘቕረቡ፡ ዕረፍቲ ከይዶም ናይ ሰዓታት ግዜ ዘሕለፉ መሳኪን ወተሃደራት፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ብትእዛዝ መራሒ በጦሎኒ ብኮለኔን ጀነራል መዓርግ ዘለዎም ሰባት ክርሸኑ ርኢና።*

*ከም ቀዳማይ ምርጫ ንሓጹር ባርነት ጥሒስና ናብ ስደት ኣምሪሕና። ኣብ ስደትና ድማ ካልእ ካብኡ ዝበኣሰ መስገደል ገጢሙና። ካብ ዶብ ሱዳን ክሳብ ግብጺ እስራኤል ዘሎ መስመር ብዝተዘርግሑ ነጋዶ ሰብ ጥራሕ ዘይኮኑስ በላዕቲ ስጋ ሰብ ኤርትራዊ ነብሲ ተበሊዑን ገና ይብላዕ ኣሎን። ማዕከናት ዜና ዓለም ከም በዓል ተለቪዥን ሲ ኤን ኤን ኣልጀዚራ ዝኣመሰሉ ትካላት ስቓይና ኣብ እንግድዓና ብዝተፈጸመ ምትኮስቲ ናውቲ ከብድና ብመጥባሕቲ ክውሰድ ዘርኢ ምስልታት ኣደጊፎም ናብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ከቃልሕዎ እንከለው፡ ሃገር የመርሕ ኣለኹ ዝብል ነውራም መንግስቲ ኢሳያስ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከም'ዚ ዝበለ ሓደጋ ኣጋጢሙ፡ ብነጋዶ ሰብ ባርባራዊ ግፍዕታት ይበጽሖም ኣሎ ዝብል ዜና'ውን ከቃልሓልና ፍቓደኛ ኣይኮነን። ከም ናይ እንቋዕሰይ ከምኡ ረኺቡ መግለጺ ሓጎሱ ድማ ንኤርትራውያን ግዳያት ዘይሕጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ብዝብል ከቃልሖ ኣይሓፈረን።*

*መንግስቲ ኢሳያስ ጠንቂ ናይ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዘሎ ስቓይን ሞትን'ዩ። መብዛሕቲኡ ካብ ኤርትራ ዝስደድ ዘሎ ሰብ ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ገዚፍ ገንዘብ ከፊሉ ብምትሕብባር ኣካላት መንግስቲ ማእከሎትን ላዕለዎትን ጀነራላቱ ከም ዝወጽእ ዝፍለጥ'ዩ። ካብ ዶብ ሱዳን ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዶላራት ዝኸፈለሉ፡ ኮላሊት፣ ጸላም ከብዲ፣ ብሌን ዓይኒ፣ ማህጸን ደቂ-ኣንስትዮን ኤርትራውያን ዝሸየጠሉ ዘሎ መስርሕ ኢድ ከም ዘለዎ ብብዙሕ መርተዖታት ዝተረጋገጸ'ዩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዘሎ ገበን ተራ ገበን ኣይኮነን። ወዲ-ሰብ ብዘይቀጥታዊ መንገዲ ስጋ ሰብ ገዚኡ ዝበልዓሉ ዘሎ ብምኳኑ እዚ ብሓይሉ ዝምካሕ ዘሎ ጉጅለ ብህዝባዊ ቃልሲ ምስተሳዕረ ብሕጊ ክሕተት'ዩ።*

*እቲ ካልእ ልዑል ተርኡ ክጻወት ዝኽእል ኮይኑ ዝተራእየ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ንስርዓት ህግደፍ ንምውጋድን ኣብ ሃገርና እዚ ሕሱም ናይ ስደት ተርእዮ'ዚ ኣብቂዑ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክረጋገጽ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ተራ ብዝምልከት'ዩ። ኣብዚ ብነጋዶ ሰብ ዝኸይድ ሓደጋ'ዚ ብውድባት ይኹን ብኤዲኪ ከምኡ'ውን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ነዚ ጸገማት'ዚ ንምፍታሕ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ጻዕርታት ዝገብሩ በብግዜኡ ብዝወጹ መግለጺታት ዝከታተሎምን እንተኾንኩ ክሳብ ሕጂ ብኣድማዒ መልክዑ ነዚ ጸገም'ዚ ኣብ ምፍታሕ ኣይተበጽሐን። ሓሓሊፉ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቑ ኤርትራውያን ዜጋታት ብውልቀን ብማሕበርን ዝገብርዎ ጻዕርታት ዝምጎስ ተግባራት ከም ዘሎ ኮይኑ እንተደኣ እቲ ልዑል ዓቕምታት ዘለዎ ሓይልታት ደንበ ተቓውሞ ግን ካብዚ ሕጂ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ኣበርቲዑ ክነጥፈሉን ክበራበርን ኣለዎ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ስክፍታይ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ከምኡ ክገብር እናኸኣለ ከሎ ኣብ ተግባር ክንቀሳቐሰሉ እንተዘይከኣለ ጽባሕ'ዚ ጸገም'ዚ ብሕልና'ውን ዝሕትት ከይኸውን ብዝብል ሓሳባተይ ይገልጽ።*

**ክብሮም ጥዑምዝጊ**
**ካብ መዓስከር ስደተኛታት**




## እምቢ ንምልኪ!!

ኣይንግዛእን ንምልኺ
ኣይንበሃልን ተምበርካኺ

እስኪ ኩልና ንተኣኻኸብ
ዕድሚኡ ይሕጽር እዚ በላዕ-ሰብ

ህዝብን ሃገርን ብሉሰ ብትምክሕቲ
ውዒሉ ሓዲሩ ክፍደያ እዩ ሓንቲ ብሓንቲ

ዘብርዕሽላት ፈቐዶ ስደት በረኻ ዕንክሊል
ዜጋታት ክሕረዱ ክጥብሑ ጋይላ ዝተኽሉ

በል ተልዓል ዓሌት ሃይማኖት ከይፈለኻ
ህዝቢ ኤርትራ ቆላ ደጋ ኣብ ስደት ዘለኻ

ብሓዘን ስቓይ ስደት ተማረረ ህዝቢ
ሆ ንበል ንዕሰሎ ህም ንህቢ

ከይዓጀበና ጉራ ፈኸራ
ብተራ ይራይዋ  ስቓይ መከራ

እንተ ንሱ ቦኽቢኹ ሱሩ ተበቲኹ
ክበቦ ግዳ ከይጠፍእ ሰሊኹ


ክሳብ ሕጂውን ምጽንሑ ጌጋ እያ
ዘይነጽፍ ህዝቢ ምኻኑ ብደዉ ይራያ

እወ ንደሞክራሲ እምቢ ንምልኪ
እወ ንፍትሒ እምቢ ንግፍዒ

# ሓፈሻዊ መትከላት ኤ.ዲ.ኪ

1. ሃገራዊ ልኡላውነትን፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራን፡ ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝተኣምነሉ ጂኦግራፍያዊ ዶባታን ምዕቃብ።
2. ብጅግንነታዊ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝሰረጸ ሃገራዊ ሓድነት ምዕቃብን ምዕዛዝን።
3. ካብ መትከላት ደሞክራስን፡ ሰላምን፡ ሰብኣዊ መሰላትን ብምብጋስ፡ ኣብ መንን ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕ/ሰብ ኤርትራ ፍትሕን ማዕርነትን ንምርግጋጽ፡ ኣብ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ምእማን።
4. ዜግነት መሰረት መሰላትን ግቡኣትን እዩ። ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ'ዮም።
5. ሃይማኖታውን፡ ብሄራውን፡ ባህላውን ብዙሕነት ምእማን። ምእንቲ ትግባረ ትሕዝቶ መሰረታዊ መሰላት፡ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ንምኽባርን ምርጋግጽን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ቻርተርን ውዑላትን ሰፊሩ ብዘለዉ ኣድማሳዊ መሰላት ምምእዛዝ።
6. ብኩሎም ኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዑላትን ዘረጋገጾም መሰላት ምእማን። ከም ሓርነታት እምነት፡ ኣምልኾ፡ ምሕሳብ፡ ምዝራብ፡ ምውዳብ፡ ምንቅስቓስ፡ ዋንነትን ካልእ ኩሉ ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታትን። እዞም መሰላት እዚኣቶም ቅዋም ኤርትራ ክውሕሶም ምግባር።
7. ሃይማኖትን፡ ባህልን፡ ብሄርን መንነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝህነጸሎምን፡ ሓባራዊ ስምዒታቶም ዝገልጹን መሰረታዊ ረቛሒታት እዮም። ስለ ዝኾነ፡ ንኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታውን፡ ፖለቲካውን፡ ማሕበራውን መሰላት ምሕላው።
8. ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ፡ ብቑዕ ኩይኑ ዝረኣይዎ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ክውንናን፡ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕጋብ ክንቀሳቐሳሉን፡ ቅዋማዊ ምክልኻልን ሓርነትን ይህልወን።
9. ህዝቢ ምንጪ ስልጣን ምዃኑ ምእማን።
10. ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ እየን። ኩለን ቋንቋታት ኤርትራ ማዕረ እየን። ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታተን ንምምዓባልን ንምጥቃምን መሰል ኣለወን።
11. ንዋላ ሓደ ብዘይምግላል፡ ኣብ ፖለቲካውን ሰልፋውን ብዙሕነት ዝተመስረተ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ምቅላስን ምምእዛዝን።
12. ሰለስትኡ ስልጣናት ሓጋግን፡ ፈጻምን ፈራድን ምፍላይን፡ ኣብ መትከል ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣንን ናጽነት ቤት ፍርድን ምእማን።
13. ኣብ ኤርትራ ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓት ምትካል።
14. ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተመንዘዐ መሬትን ንብረትን፡ ብሕጋውን ፍትሓውን መንገዲ ናብ ዋናታቱ ምምላስ።
15. ኣብ ሃይማኖት፡ ወይ ባህሊ፡ ወይ'ውን ብሄር ዘትከለ ኩሉ መልክዓት ኣድልዎን፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝወርድ ኩሉ ዓይነት ግፍዕታትን ንምውጋድ ምምእዛዝ።
16. ምስ ሃገራት ዓለም ብሓፈሻ፡ ምስ ህዝብታትን ጎረባብቲ ሃገራትን ዞባን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሰላምን፡ ምትሕግጋዝን፡ ሕድ-ሕድ ምክብባርን፡ ሓባራዊ ረብሓታትን፡ ኣብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታውን ዝተመስረተ ሃናጺ ዝምድናታት ወጻኢ ንምህናጽ ምቅላስ። ብኣህጉራዊ ቻርተራትን ውዕላትን ምምእዛዝ።

ንመላእ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምቅልጣፍን ጸዕርታትና ንምስማርን ንረባረብ!!!


NO!
STOP! ABUSING
START
Don't forget
your history
ISRAEL
Don't forget
መሰል·ሕዝበና·